# ዉጥን

## ምልላይ ንሓደሽቲ ምጻኣት ኣብ ምምሕዳር

## ኣቨስታ

## 2011 — 2013

**ዉጥን**
**ምልላይ ንሓደሽቲ ምጻኣት ኣብ**
**ምምሕዳር ኣቨስታ**
**2011 — 2013**

ምምሕዳር ኣቨስታ፡ ካብ 2011 ዝጀመረን ቀጻሊ ዝኾነን፡ ምስ ናይ ስደተኛታት በዓል መዚን ምምሕዳር ኣዉራጃን ዉዕል ኣለዎ። ኣቨስታ፡ ሕጂዉን እንተኾነ፡ ኣብ ዓመት 50 ሓደሽቲ ምጻኣት ክትቅበል ምዃና፡ 25 ካብኦም ብኢደ ወነነኦም ናብዚ ዝገዓዙን 25 ድማ ብመንገዲን ሓለዮትን ናይ ስደተኛታት በዓል መዚን ቤት ጽሕፈት መራኸቢ ስራሕን፡ ናብዚ ዝተመደቡን ይኾኑ። ናይ ምምሕዳርና ዉጥን ምልላይ፡ ብናይ ትምህርቲን ፍሉይ ክእለትን በዓል መዚ ንሰሰለስተ ዓመት ንኽስርሓሉ ይዳሎን ምቁጽጻርን ድሕረ ግምገማን ይግበረሉን።

*ዕላማ ዉጥን ምልላይ፡*

- ምትግባር ሜላ፡ ንብምምሕዳር ኣቨስታ ዝግበር ኣቀባብላ ሓደስቲ ምጻኣት ንዉዕል ናይ ስደተኛታት በዓል መዚን ኣዉራጃ ቤት ምኽርን መሰረት ብምግባር ይሰርሕ።
- ብዛዕባ ዉጥን ምልላይ ንሓደስቲ ምጻኣት ሓበሬታ ይህብ።

ምምሕዳር ኣቨስታ፡ ከም ተቐባሊት ሓደስቲ ምጻኣት መጠን፡ ምቕራብ ኣባይቲ፡ ምዉዳድ ትምህርቲ ቛንቛ ሽወደን፡ ትምህርቲ ንኣፍልጦ ሕብረተሰብ ሽወደን፡ ክንክን ህጻናትን ትምህርትን፡ ከምኡዉን ብዝተፈላለየ መንገዲ ህይወት ሓደሽቲ ምጻኣት ንምቕላልን ኣብ ሕብረተሰብ ሽወደን ንኽንጽንበሩ ዘለዎም ዕድል ምምሕያሽን ከም ቀንዲ ዕምሙ ገይሩ ይሰርሕ።

ምምሕዳራዊ ሕጊ § 8 ሕጊ መሰል ምጥቃም ተርጓማይ፡ ኣብ መንግስታዉያን ትካላት መሰረት ብምግባር ሕጊ የተግብርን፡ ድልየትን ትምኒትን ተጠቃማይ ተርጓማይ ድማ ከም መምርሒን ኣገዳስን ገይሩ ይሰርሓሉን። ዝኾነ ምምሕዳራዊ ኣካልን ካልእ ኣብ ዉጥን ምልላይ ሓደስቲ መጻእቲ ከም መሳርሒ ዝጥቀሙ መንግስታዉያን ቤት ጽሕፈታትን ኣገዳሲ ምስ ዝኸዉን፡ ተርጓማይ ነይ ምጥቃም ግዴታ ይህልዎምን ነዚ ዝወጽእ ወጻኢታት ከኣ ይሸፍንን።

ቤት ጽሕፈት መራኸቢ ስራሕ (ኦፌቾ ላቮሮ)፡ ናይ ትምህርቲ በዓል መዚ፡ ናይ ስደተኛታት በዓል መዚን ኣዉራጃዊ ቤት ምኽርን፡ ንሓደስቲ መጻእቲ ኣብ ሕብረተሰብ ንምጽንባሮም ምቅላልን ዘለዎም ዕድልን ተኽእሎን ንምስሕን፡ ብቐጻሊ ይራኸቡን ይመያየጡን።

ስራሕ ኣቀባብላ ሓደሽቲ ምጻኣት፡ ቀንዲ መለሊዩኡ፡ ብምልኣት ዝሓስብን፡ ንዝተፈላለዩ ተዋሳእቲ፡ ኣብ ሰክዔት ርክብ ናብራ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን፡ ማሕበራዊ ናብራን ዘሳትፍን፡ ብዓቢኡ ኸኣ ንሓደሽቲ ምጻኣት ኣብ ናይ ስራሕ ዓለምን ሕብረተሰብን ብቐሊሉ ንምእታዉ መንገዲ ምጽራግን፡ ነፍሲ ወከፍ ተዋስኣይ ብንጥፈት ተሳፍነቱ ኣብ መስርሕ ዲሞክራሲ ምስታፍን እዩ።

*ሓድሽ ሕጊ - ሓደስቲ ዕድላት*

ባይቶ ሽወደን ብዕለት 17 መጋቢት 2010 ንሓደስቲ መጻእቲ ተሳፍነቶም ኣብ ስራሕን ማሕበራዊ ሂወትን ዘቀላጥፍ ሓድሽ ኣዉጺኡ። ዝኾነ ሓድሽ ምጻእ ካብ ድሕረ ባይትኡን ተመኩሮኡን ተኽእሎታቱን ብምብጋስ ብደገፍ ክኢላዊ ዓቕሚ፡ ብዝቐልጠፈ መንገዲ ቋንቋ ሽወደን ናይ ምምሃር ዕድል ክረክብን፡ ሰሪሑ መነባብርኡ ንክመርሕን ባይታ የጣጥሓሉን።

እዚ ንገለ ገለ ሓደስቲ ምጻኣት ወጻእተኛታት ዝምልከት ሕጊ (2010፡197) ካብ ዕለት 1 ታሕሳስ 2010 ኣብ ግብሪ ዝዉዕልን ሓድሽ ዝተኣታተወ መስርሕን ኣካይዳን ድማ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ናይ ስራሕ መራኸቢ ቤት ጽሕፈት፡ ምምሕዳር፡ ኣዉራጃ ቤት ምኽሪን ማሕበር ዋሕስነትን ናይ ስደተኛታት በዓል መዚን ክኸዉን እዩ። ብተወሳኺዉን ሓድሽ መሪሕ መስርሕ ዝበሃል ሓድሽ ተዋሳኢ የተኣታቱ። እዚ ሓድሽ ሕጊ እምበኣር፡ ቀንዲ ዋንነት ማለት ሓላፍነት ናይ ምቕባል ሓደሽቲ ምጻኣት ወጻእተኛታት ካብ ምምሕዳር፡ ናብ ናይ ስራሕ መራኸቢ ቤት ጽሕፈት ይሰጋገር ማለት እዩ።

### *ስራሕን ሓላፍነትን ምምሕዳር*

*ኣብ ቀጻሊዉን እንተኾነ፡ ምምሕዳር ኣብ ናይ ሓደሽቲ መጻእቲ ምብጋስ ሂወት ኣገዳሲ ግደ ክህልዎ እዩ። ብጀካ'ቲ ቀጻሊ ሓለፍነት ነቶም ሓድሽ ሕጊ ዉጥን ምልላይ ምልላይ ሓደስቲ መጻእቲ ዘይምልከቶም ሰባት፡ ምምሕዳር ናይዞም ዝስዕቡ ሓላፍነት'ዉን ይህልዎ።*

- *ምቕባልን ምድላዉ ኣባይትን*
- *ኣድላዩ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ኣብ ግዜ ምዉዛዕ ግብራዊ ሓገዛት ምሃብ*
- *ምምሃር ቛንቛ ሽወደን ንወጻእተኛታትን ትምህርቲ ንዓበይቲን*
- *ትምህርቲ ምልላይ ሕብረተሰብ ሽወደን*
- *ትምህርቲ፡ መዋእለ ህጻናት፡ ክንክን ህጻናትን ካልእ ኣስተዋጽኦ ንህጻናትን መንእሰያትን*
- *ኣስተዋጽኦ ማሕበራዊ ናብራ ዝምልከት*
- *ካልኦት ምምሕዳራዉያን ትካላት ኣገልግሎተን ንሓደሽቲ ምጻኣት ንኽህባ ምክትታል*
- *ናይ መነባብሮ ሓገዝን ካልእ ደገፍን፡ ነቶም ብሰንኪ ድኹም ኣካላዊ ብቕዓት ኣብቲ ዉጥን ንኽኣትዉ መሰል ዘይብሎም ሰባት ይህብ።*

### *ዕላማ ናይ ምቕባል ስደተኛታትን ካልኦት ወጻእተኛታትን ኣብ ምምሕዳር ኣሸስታ*

- 100% ካብቶም እንተወሓደ 25% ኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ብቕዓት ዘለዎም እኹላት ሰባት፡ ድሕሪ 2 ናይ *ምልላይ ዓመታት፡ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ወጺኦም ሂወቶም ክመርሑ ወይ'ዉን ትምህርቶም ክቕጽሉን ኣብ ናይ ስራሕ ልምምድ ክኣትዉን ኣለዎም።*

- *ኩሎም እቶም ዝተቐበልናዮምን ኣብ ዉጥን ምልላይ መደብ ሙሉእ ብሙሉእ ን2ተ ዓመት ዝተኸታተሉን እሞ'ኸኣ ኣብ ምምሕዳር ኣሸስታ ምንባር ዝቐጸሉን፡ ዝስዕብ ህይወት ክስተማቕሩ ይግባእ፡-*

  - *ዘዕግብን ዝሰርሕን ኣባይቲ መነባብሮ*
  - *እኹል ዓቕሚ ቛንቛ ሽወደንን ኣዕጋቢ መዓልታዊ ህይወትን*
  - *ብስራሕ ኮነ ብትምህርቲ ህይወትካ ናይ ምምራሕ ዕድል ምርካብ*
  - *ኣዕጋቢ ስነ ኣእመሮኣዊ ጥዕና*
  - *ማሕበራዊ ህይወት*
  - *ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ሽወደን*

*እዚ ዕላማዚ፡ ብቤት ምኽሪ ትምህርቲን ኣፍልጦን ምክትታልን ዓመታዊ ገምጋም የግበረሉን።*

### *ምሕደራ ንምቕባል ሓደሽቲ ምጻኣት ኣብ ምምሕዳር ኣሸስታ*

*ቀንዲ ምምሕዳራዊ ሓላፍነት ምቕባል ሓደሽቲ ምጻኣት ኣብ ትሕቲ ቤት ምኽሪ ትምህርቲን ኣፍልጦን ኮይኑ፡ እቲ ግብራዊ ስራሓት ድማ ኣብ ክሊ ቤት ምኽሪ ትምህርቲን ኣፍልጦን ጨንፈር ምዉህሃድ ወይ ምጽንባር* (SIVA) *ይኸዉን።*
*ንምቅላል መዓልታዊ ኣሰራርሓ ንምቕባልን ምልላይን ክጥዕም፡ ካብ ቤት ምኽሪ ትምህርቲን ፍልጠትን* (SIVA) *ከምኡዉን ቤት ጽሕፈት መራኽቢ ሰራሕ ብዝተወከሉ ሓይሊ ዕማም እቲ ስራሕ ክትትል ይግበረሉ። ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ሓይሊ ዕማም እዚ፡ ካብ ናይ ዝተፈላለዩ ትካላት ናይ ስራሕ ሓላፍነት ብምብጋስን ምሉእ ምትሕብባር ብምግባርን፡ መደባት  ንኣስተዋጽኦ ምልላይ የወርጽጽን የተግብርን።*

### *ምምሕዳራዊ ምወላ ንምቕባል ስደተኛታት ብናይ ቀደም ኣካይዳ*

*ስደተኛታት ብመንገዲ ናይ ስደተኛታት በዓል መዚ ዝቕበላ ምምሕዳራት፡ ፍሉይ ገንዘባዊ ሓገዝ ካብ መንግስቲ ነቶም ዝተቐበልኦም ስደተኛታት ይወሃበን። እዚ ፍሉይ ገንዘባዊ ሓገዝ መንግስቲ፡ ብዘልማድ ሓገዝ ንምምላእ ሃጓፍ ተባሂሉ ይጽዋዕን፡ ሕጊ* (1990፡927) *ደገፍ ብምግባር፡ መንግስታዊ ሓገዝ ንስለ ምቕባል ስደተኛታትን ካልእን ይወሃብ።*

እዚ ንምምሕዳር ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ ሓንሳብ ኮይኑ ንኽልተ ዓመት ዝኸዉን ሓገዝ እዩ።
እዚ መንግስቲ ንምምሕዳር ዝህቦ መምልኢ ቁጠባዊ ሃገፍ ናይ ገንዘብ ሓገዝ፡ ነቲ ዉልቀ ሰብ ንመነባብሮኡ፡ ንቋንቋ ሽወደን መምሃሪኡን ኣብ ሕብረተሰብ መጸንበሪኡን ንኽዉዕል እዩ። ዋላኳ እቲ ዝወሃብ ገንዘብ፡ መወተፊ ቁጠባዊ ሃገፍ ተባሂሉ ይጸዋዕ እምበር፡ እቲ ገንዘብ ብናይ ስደተኛታት በዓል መዚ ኣበሃህላ፡ እቲ ምምሕዳር ብሓፈሻ ንዳርጋ ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ነቲ ዉልቀ ሰብ ንመነባብርኡ ዝኣክል ወጻኢታት ክሽፍን ኣለዎ። እዚ ማለት፡ ገለ ገለ ሰባት ክልተ ዓመት ከይመልኡ መነባብሮኦም ክመርሑ ዓቕሚ ዘለዎም ክህልዉ እንተኽኣሉ፡ ገሊኦም ግን ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ክወስደሎም ዝኽእሉ ሰባት ስለዝርከቡ እዩ።
እቲ ዝወሃብ መምልኢ ቁጠባዊ ሃገፍ፡ ኣከፋፍልኡ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፡ ኮይኑ ግን፡ ነቲ ናብ ምምሕዳር ኣቨስታ ናይ መጀመርያ መደቡ ኮይኑ ዝተወዘዐ ሰብ ጥራይ ይምልከት።

- ናይ መጀመርያ ክፍሊት፡ 20% ካብ ሓፈሻዊ ድምር፡
- ድሕሪኡ 10% ካብ ሓፈሻዊ ድምር ኣብ ሰሰለስተ ወርሒ ንሾመንተ ግዜ ዝወሃብ ክፍሊት (ረድኤት ኣድላዩ ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበሉ እዋን)

እንተድኣ ምምሕዳር ኣቨስታ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ካልእ ምምሕዳር ተመዲቡ ዝነበረ ሰብ ናብ ምምሕዳራ ተቐቢላ፡ 20% ካብ ድምር ሓገዝ መምልኢ ቁጠባዊ ሃገፍ፡ ከም ተወሳኺ ሓገዝ ክረክብ መሰል ኣለዎ።
እዚ ክኸዉን ግን እቲ ሰብ ካብቲ ናይ መጀመርያ ዝተመደቦ ምምሕዳር፡ 18 ኣዋርሕ ከየሕለፈ ምስ ዝግዕዝ እዩ።
ካብዚ ሓሊፉ እቲ ኣወሃህባ ሓገዝ ከምቲ ካልእ 10% ካብ ሓፈሻዊ ድምር ኣብ ሰሰለስተ ወርሒ እቲ ዝገዓዘ ሰብ ካብታ ዝተመደበላ ምምሕዳር ኣትሒዙ ክሳብ 24 ወርሒ ዝመልእ እዩ ዝምልከቶ።
ብጀካ ሓገዝ መምልኢ ቁጠባዊ ሃገፍ፡ ምምሕዳራት ፍሉይ ሓገዝ ንምምሕዳራዊ ስራሓት ዓመታዊ ሓገዝ ይወሃበን እዩ። እዚ ሓገዝ እዚ ዕብየት ናይ ምምሕዳራት ብዘየገድስ ዓቐኑ ንኩለን ምምሕዳራት ሓደ እዩ።

***ምወላ ምምሕዳራት ንመቐበሊ ስደተኛታት በዚ ሓድሽ መምርሒ፡***

*ምምሕዳራት ሓገዝ ክወሃባ ዝኽእለን ምኽንያት፡*

- ናብ ሽወደን ብመስርሕ ናይ ስደተኛት መቑነን መሰረት ሽወደን ባዕላ ዘምጽኣቶም

- ኣብ ሽወደን ዑቕባ ሓተትቲ ዝነበሩ'ሞ ኣብ ናይ ስደተኛታት በዓል መዚ መቐበሊ ስርዓት ዝተመዝገቡን መንበሪ ፍቓድ ከም ናይ ፖለቲካ ስደተኛታት፡ ብኻልእ ምኽንያት ዑቕባ ዝረኸቡን ብካልእ ተነቃፊ ምኽንያት ዑቕባ ዝተዋህቡን።

- መንበሪ ፍቓድ፡ ናይ ፖለቲካ ስደተኛታት፡ ብኻልእ ምኽንያት ዑቕባ ዝረኸቡን ብካልእ ተነቃፊ ምኽንያት ዑቕባ ዝተዋህቡን ኮይኖም፡ ኣብ ናይ ስደተኛትት በዓል መዚ ምዝጉባት ዘይጸንሑ።

- ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ዝረኸቡ'ሞ ፍቓዶም እንተወሓደ ንዓመት ምስ ዝኸዉን።

- ናይ ቤት ፍርዲ መሰኻክር ብምንባሮም ፍቓድ ዝረኸቡ።

- ስድራ ናይዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ (እቶም ናብ ስድርኦም ንኽጽንበሩ መመልከቲ ዘቕረቡ'ሞ እቲ ክጽንበርዎ ዝደልዩ ዘለዉ ኣባል ስድራ ብምምሕዳር ካብ ዝቕበልዎ ኣብ ዉሽጢ ክልተ ዓመት መመልከቲኦም ወይ ጠለቦም ዘቕረቡ ምስዝኾኑ) ።

ገለ ካብ ንዝምልከተን ምምሕዳራት ካብ ናይ ስደተኛታት በዓል መዚ ዝወሃብ ሓገዝ፡ ከየመልከታን ብቐጥታን ይወሃበን። ካልእ ዓይነት ቁጠባዊ ሓገዝ ግን፡ እተን ምምሕዳራት ናብ ናይ ስደተኛታት በዓል መዚ እንተ ኣመልኪተን እዩ ዝወሃበን። ኣብቲ ዝተዘርግሐለን ሓበሬታት ከኣ እንታይ ዓይነት ሓገዛት ምኳኑ ብዝርዝር ሰፊሩ ይርከብ።

መጠን መሰረታዊ ናይ ገንዘብ ሓገዝ፡

- ን 2011፡ ናይ ሰለስተ እኹላት (16-64 ዝዕድሚኦም) ድምር ክፍሊት ብመሰረት መምርሒ (1990፡927) መንግስታዊ ደገፍ ንመቐበሊ ስደተኛታት።

- ካብ 2012 ጀሚሩ ድማ፡ 10 ግዜ ናይ ዝተሓተ ክፍሊት ገምጋም፡ ምዕራፍ 2፡6 ን 7 ዓንቀጻት §§ ብሕጊ ማሕበራዊ ዋሕስነት መሰረት።

**ድምር ክፍሊት**

**ምምሕዳራት ብመሰረት 10 — 14 §§ መምርሒ (2010፡1122) መንግስታዊ ሓገዝ ንስለ ኣስተዋጽኦ ንገለ ገለ ወጻእተኛታት ዝህቦ መተካእታ ሓገዝ ድምራዊ ክፍሊት ክወሃባ መሰል ኣለወን።**

እታ ናይ መጀመርያ ተቐባሊት ምምሕዳር፡ 10 ሚእታዊት ናይ ድምር ክፍሊት ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዋ። ኢታ ነቲ ወጻእተኛ ካብ እትቕበልን ተመዝግብን ወርሓ ዘሕለፈት ምምሕዳር ከኣ 20 ሚእታዊት ካብ ድምር ክፍሊት ሓገዝ ትወሃብ። እቲ ዝተረፈ ድምር ክፍሊት፡ ኣብ ሰሰለስተ ወርሒ 10 ሚእታዊት ኣብ ወወቕቱ ይወሃባ።

እቲ ወጻእተኛ ኣብ ዉሽጢ 18 ኣዋርሕ ናብ ካልእ ምምሕዳር ምስ ዝግዕዝ፡ እታ ምምሕዳር 10 ሚእታዊት ናይ ድምር ክፍሊት ተወሳኺ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዋ።

እዚ ድምር ክፍሊት እዚ ኣብ ክልተ ዓመት ተመቒሉ ካብ ናይ ስደተኛታት በዓል መዚ ነታ ዝምልከታ ምምሕዳር መመልከቲ ከየቕረበት ይኽፈላ።

ወጻኢ ካብ ድምር ክፍሊት፡ ምምሕዳራት ንካልእ ወጻኢታተን ዝምልከት ፍሉይ ጠለብ ወይ መመልከቲ ከቕርባ ይኽእላ።

**ናይ መላለዩ ሓገዝ ገንዘብ፡ ነቶም ናይ ቀደም መምርሒ ዝምልከቶም ሰባት፡**

ሓደ ኣብ ምምሕዳር ዝተመደበ እኹል ሰብ፡ እሞ ኸኣ ኣብ ናይ መላለዩ መደብ ዝሳተፍ፡ ተሳትፎኡ ቀጻሊ ክሳብ ዝኾነ፡ ናይ መላለዩ ገንዘባዊ ሓገዝ ይወሃቦ። በዚ መንገዲ'ዚ ኸኣ እቲ ሰብ ኣዕጋቢ ዝኾነ መነባብሮ፡ ልክዕ ከምቶም ኣብቲ ምምሕዳር ኣኢነዳሰርሑ ዝነብርዎ ህይወት ናይ ምሕላፍ ዋሕስነት ይህልዎ ማለት እዩ። እዚ ናይ መላለዩ ገንዘባዊ ሓገዝ፡ ከም ደሞዝ ምስ ናይ ሰራሕተኛ ግቡኦም ዝፍጽሙ ሰራሕተኛታት ዝወሃብ ደሞዝ ክመሳሰል ይኽእል። ኣብ ተሳትፎን ንጥፈትን ከኣ ይሙርኮስ። ኣብ ናይ መላለዩ ግዜ እቲ ሰብ ካልእ ኣታዊታት እንተሃልይዎ፡ እቲ ናይ መላለዩ ገንዘባዊ ሓገዝ ብሓፈሻዊን ፍሉጥን ዝኾነ ዓቐን ይቕንስ።

መሰል ናይ መላለዩ ገንዘባዊ ሓገዝ ዘለዎም ሰባት፡ እቶም ኣብ መንግስታዊ ናይ ሓገዝ መምርሒን ( ሕጊ ገንዘባዊ ሓገዝ ንመላለዩ፡ SFS 1992፡1068 ) ኣብ ናኢ ምምሕዳር ኣቨስታ መቐበሊ ስደተኛታትን ካልኦት ወጻእተኛታትን ምዝጉባት ዝኾኑ ሰባት እዮም። ምምሕዳራት፡ ዓቐን ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ መላለዩ ፡ ባዕሎም ክዉስንዎ መሰል ኣለዎም።

ገንዘባዊ ሓገዝ መላለዩ ንምርካብ፡ እቲ እኹል ሰብ፡ ንዝግበረሉ ግላዊ መደብ ከላለዩ ክከታተል ኣለዎ።
ኩሉ ኣብ መደብ መላለዩ ዝሳተፍ፡ ኣብ መሰላቱን ግቡኣቱን ዘነጽር ዉዕል ክፍርም ኣለዎ።

ገንዘባዊ ሓገዝ ንመላለዩ፡ ብቤት ጽሕፈት ምሕደራ ቅርጺ ይኽፈልን የምሕደርን። ፍሉይ መምርሕታት ንኣከፋፍላ ገንዘባዊ ሓገዝ ንመላለዩ፡ ብቤት ጽሕፈት ምሕደራ ቅርጺ'ዩ እዉን ዝዉጠን።

ሓደ ሰብ ናብ ምምሕዳር ኣቨስታ ካብ ዝተመደበሉ ዕለት ጀሚሩ እዩ ንክልተ ዓመት ገንዘባዊ ክፍሊት ንመላለዩ ዝወሃቦ። ነቶም ብፍሉይ ምኽንያት ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ናይ ገንዘባዊ ክፍሊት ንመለለዩ ዘድልዮም ሰባት፡

እንተበዝሐ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ክዉሰኸሎም ዉሳነ ይዉሰድ። እዚ ዉሳነ ንፍሉይ ገንዘባዊ ክፍሊት ንመለለዪ፡ ዳግማዊ ግላዊ መደብ ንመለለዪ ምስራዕ ከኣ የድልዮ።

**ክፍሊት ንዉልቀ ሰባት፡ ብመሰረት ሓድሽ መምርሒ**

ሓደሽቲ ምጻኣት ስደተኛታትን ስድራቤቶምን፡ እሞ ብገዛእ ቁጠባኦም ህይወቶም ክመርሑ ዓቕሚ ዘይብሎም፡ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ምቛም ወይ ምድላዉ (2010፡197) ኮይኖም፡ ናይ ምድላዉ ወይ ምቛም ክፍሊት ዝበሃል ናይ መንግስቲ ግንዘብ ብመንገዲ ናይ ዋሕስነት ደገፍ ይወሃቦም። ኮይኑ ግን ምምሕዳር ንቐጻሊ ቁጠባዊ ሃገዝ ንመነባብሮ ሓላፍነት ክስከመሉ ዝግባእ ኩነታት'ዉን የጋጥም እዩ።

**ምምሕዳራት ንናይ ቁጠባዊ ሓገዝ ባዕለን ክኽእልኦ ዝግብኦን ኩነታት፡**

ኣብ ገለ ገለ ኩነታት ኣብ ሕጊ ምድላዉ ጽብጹባት ዝኾኑ ስድራቤት ናይ ሓደሽቲ ምጻኣት፡ ናይ ቁጠባ ሓገዝ ብመሰረት ማሕበራዊ ሕጊ (2001፡453) ምዕራፍ 4 ዓንቐጽ 1 § ከጋጥም ይኽእል እዩ።

ዝስዕብ ኣብነታት ናይ ከምዚ ዓይነት ኩይኑ፡ ምምሕዳራት ብመምርሒ (2010፡1122) ንመንግስታዊ ክፍሊት ንኣስተዋጽኦ ዉሱናት ወጻእተኛታት ክረኽብዎ ዘለዎም ተኽእሎታትን ይገልጽ።

- **መባእታዊ ቁጠባዊ ሃገዝ ድሕሪ መንበሪ ፍቓድ ቀዳማይ ክፍሊት፡ ንመዳለዊ ሓገዝን ካልእ ተወሳኺ ልግሲን (ጋግ ንምጽባብ) ምምሕዳራት ክፍሊት ብመሰረት ፍሉይ ድምር ክፍሊት ይወሃበን።**
- **እቲ ሓድሽ መጻኢ ዝወሃቦ ናይ ምድላዉ ክፍሊትን ምናልባሽ እዉን ተወሳኺ ልግሲ፡ ንምትሕብባር ንምቛም ናይ ምድላዉ መደብ (ብ75%) ይቕንስ። ነዚ ዓይነት ወጻኢታት ምምሕዳር ዝኸዉነ ፍሉይ ክፍሊት ኣይግበረሉን። እዚ በቲ ስሩዕ ድምር ክፍሊት (10§) ክሽፈን እዩ ዘለዎ።**
- **እቲ ሓድሽ ምጻእ፡ ናይ ምድላዉ ክፍሊት ተወሳኺ ልግሲን መሰል እንዳሃለዎ፡ ክፍሊት ካብ ካልእ ኣካል ማለት፡ ማሕበራዊ ዋሕስነት፡ ከም ( ረድኤት ስለ ህጻናት፡ ረዲኤት ስለ ክቡር ክራይ ገዛን መዕበዪ ቆልዓን ወዘተ ) መሰል እንተ ኣለዎን ገንዘብ እጽበ እንተድኣ ኣሎን። ምምሕዳር ንሕጊ ማሕበራዊ ዋሕስነት (** 210፡110፡107 ምዕራፋት 5ይ ዓንቀጽ § ) መሰረት ብምግባር ቁጠባዊ ሓገዝ ብምምልካት ገለ ወጻኢታቱ ክመልስ ይኽእል እዩ።
- **እቲ ሓድሽ ምጻእ፡ ናይ ምድላዉ ክፍሊት ኮነ ምናልባት'ዉን ተወሳኺ ልግሲ እንዳረኸበን ብተወሳኺዉን ረድኤት ካብ ማሕበራዊ ዋሕስነት እንዳተዋህቦን፡ ቁጠባዊ ህይወቱ ክመርሕ ዘይክእል ምስ ዝኸዉን። እቲ** ምምሕዳር ነዚ ወጻኢታት እዚ ፍሉይ ደገፍ ኣይግበረሉን፡ ኣብቲ ስሩዕ ድምር ክፍሊት እቱዉ ስለዝኾነ (10§) ።
- **እዚ ሓድሽ ምጻእ ብቕዓት ዓቕሙ ካብ ሙሉእ ንትሕቲ 25 ሚእታዊት፡ ብጥዕና ኮነ ብኣካለዊ ወይ ብኣእምሮኣዊ ስንክልና ዝጎደለ ምስ ዝኸዉን'ሞ ናይ ምድላዉ መደብ ኮነ ናይ ምድላዉ ክፍሊት ዘይምልከቶ ምስ ዝኸዉን።** ምምሕዳር ወጻኢታቱ ዝመልሰሉ ሓገዝ (19 § ቀዳማይ ዓምዲ ነጥቢ 1 ) ከመልክት ይኽእል።
- **እቲ ሓድሽ ምጻእ ኣብ ናይ ምድላዉ ዝግበር ተበግሶታት፡ ሙሉእ ብሙሉእ ኮነ በከፊል ማለት 25፡ 50፡ ወይ 75 ሚእታዊት፡ ብጉድለት ጥዕና ኮነ ብኣካላዊን ስነ ኣእምሮኣዊን ስንክልና ዓቕሚ ተሳትፎኡ/ኣ ድሩት ምስ ዝኸዉን ብኡ መሰረት እቲ ናይ ምድላዉ ክፍሊት ዓቐኑ ይቕንስ።**
  ምምሕዳር ወጻኢታቱ ንምሽፋን፡ ቁጠባዊ ሓገዝ ብ (19§ ቀዳማይ ዓምዲ 2ይ ነጥቢ) ንኽመልስ ከመልክት ይኽእል። እቲ ምምሕዳር ነዚ ክገብር ዝኽእል ድማ እቲ ሰብ ኣብ ናይ ምድላዉ ወቕቲ እንከሎ ጥራሕ ድማ ይኸዉን።

- **እቲ ሓድሽ መጻኢ፡ ብሰንኪ ሕሙም ዉላድ ምእላይ ኮነ ካላእ ኣብ ላዕሊ ዘይተጠቕሱ ሕማማት፡ ከም (ዘይእኹል መተካእታ ገንዘብ ብሰንኪ ምዉላድን ሕማምን)**
  ምምሕዳር ነዚ ወጻኢታት እዚ ንምሽፋን ዝኾነ ሃገዝ ኣይገበረሉን። እዚ ኣብቲ ድምር ክፍሊት እቲዉ ስለዝኾነ (10§) ።

- **ኣብ መንጎ 18 — 21 ዓመት ዕድመ ዘለዎ መንእሰይ ኮይኑ፡ ወለዱ ኣብዚ ሃገር ዘይነብሩ ምስ ዝኾኑን ናይ ካልኣይ ደረጃ ተማሃራይ ዝኾነን፡ ኣብ ገዛኡ ብደገፍ ሕጊ ማሕበራዊ ናብራ (SoL) ከምኡዉን ሕጊ ምእላይ መንእሰያት (LVU) ፍሉይ ክንክን ጥዕና ዘይገበረሉ ምስ ዝኸዉን።**
  ምምሕዳር ነዚ ክብል ዘጥፍኦ ወጻኢታት ብቁጠባዊ ደገፍ (20§) ክመልስ ከመልክት ይኽእል።

**ክፍሊት ድሕሪ ናይ ምድላዉ መደብ ምዝዛሙ፡**

ናይ ምድላዉ መደብ ኮነ ክፍሊት ተዛዚሙ ክነሱ እቲ ሰብ ባዕሉ ነብሱ ብቑጠባ ከመሓድር ምስ ዘይክእልን በኻልእ መንገዲ'ዉን እንተኾነ ነብሱ ዘየማሓድርን፡ እቲ ዉልቀ ሰብ ናብ ናይ ምምሕዳር ቁጠባዊ ረዲኤት ክኸይድ ይሕበሮ። ምምሕዳር ንኽምዚ ዝኣመሰለ ዝገብሮ ረድኤት ዝግበረሉ ፍሉይ ሓገዝ የለን። እዚ ካብቲ ስሩዕ ድምር ክፍሊት (10§) ክሽፈን ስለ ዘለዎ።

ኮይኑ ግን ምምሕዳር ነቲ ዝተቐበልዎ ሰብ ካብ መጀመርይኡ ኣትሒዞም ዉዒሉ ሓዲሩ ነብሱ ክኣሊ ከምዘይክእል ገምጊሞም እንተጸኒሖም ማለት ብሰንኪ ሕማም ኮነ ቀጥታዊ ምትእስሳር ምስ ኣወሃህባ ፍቓዱ ምርካቡ (19§ ቀዳማይ ዓምዲ ነጥቢ 3) ዝምልከት ምስ ዝኸዉን፡ እቲ ምምሕዳር ንዘዉጽኦ ቁጠባዊ ደገፍ እቲ ዉልቀ ሰብ ናይ ሽወደን ዜግነት ክሳብ ዘይብሉ፡ ክምለሰሉ ከመልክት ይኽእል።

**ተወሳኺ ክፍሊታት**

እቶም ምስ ናይ ስደተኛታት በዓል መዚን ኣዉራጃዊ ቤት ምኽርን ስደተኛ ንምቕባል ናይ ሰለስተ ዓመት ዉዕል ዝፈረሙ ምምሕዳራት፡ ኣብ ሓደ እዋን ዝኽፈል ናይ 10 000 ክሮኖር ገንዘብ ይወሃቦም።
ካብዚ ሓንሳብ ዝወሃብ ክፍሊት ወጻኢ ምምሕዳር ንኩሉ ኣብ መንጎ 18-65 ዝዕድሜኡ ዝተቐበሉዎ ሰብ፡ ንዓሰርተ ክልተ ወርሒ ዝኣክል፡ እዋ ኸኣ

- ብዉሑዱ ንሓሙሽተ ወርሒ ዝኣክል ናይ ስራሕ ልምምድ ብሙሉእ ኮነ ብፍርቂ ጉዕዞ ዝኸደ ወይ
- ብዉሑዱ ንቅቡል ነጥቢ ኣብ SFI ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት ዘለዎ፡ ናይ ተወሳኺ 20 000 ክሮኖር ናይ ገንዘብ ሓገዝ ይረክብ። ነዚ ዘመሓድሮ ድማ ErsF 2007:662 ይበሃል።

ኣሽስታ ካብ 2011 ጀሚሩ ቀጻሊ ዝኾነ ዉዕል ምስ ናይ ስደተኛታት በዓል መዚን ናይ ኣዉራጃ ቤት ምኽርን ኣለዎ። እቲ ካብ ናይ ስደተኛታት በዓል መዚ ምስ እናይ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ግዴታትቱ ዝወሃብ ናይ 20 000 ክሮኖር ተወሳኺ ክፍሊት፡ ምምሕዳርና ብዘይ ዝኾነ ምጉዳል ናብ ትምህርትን ካልእ ንሰባት ነብሶም ንኽኽእሉ ዝሕግዝ ዕላማን ይጥቀመሎም።
ካልእ ተወሳኺ ክፍሊታት ን ካብ 0-16 ዝዕድሚኦም ዝምልከት ናይ 10 000 ክሮኖር ንሓደ፡ ቀጥታ ኣብ መዓላ መዋእለ ህጻናትን ጀሚሪ ክሳብ 9 ክፍልን ነዉዕሎ። ን 17-18 ዝዕድሚኦም ዝወሃብ ናይ 10 000 ክሮኖር ንሓደ፡ ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ እቲ መንእሰይ ዝኸዶ ቤት ትምህርቲ ነዉዕሎ። እዚ ክፍሊት እዚ ብፍላይ ንናይ ስደተኛ መንእሰይ ኣብ ሕብረተሰብ ንምጽንባሩ ዘቃልል ወጻኢታት ማለት ኣብ መዋእለ ህጻናት፡ ጀሚሪ ክሳብ 9ይ ከምኡዉን ደቂ 16-17 ዝመሃሩሉን ኢና እንጥቀመሉ።

**ምልላይ ሕብረተሰብ**

- ምልላይ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ኩነታት ሕብረተሰብ ሽወደን፡ ሽወደናዊ ማሕበራዊ ህይወትን መዓልታዊ ህይወት ኣብ ሽወደናዊ ምምሕዳር እንተወሓደ ን 60 ሰዓታት እንተተኻኢሉ ድማ ብቛንቛኻ ክትመሃሮ ይምረጽ። እዘን ዝስዕባ ሸሙንተ ነጥብታት ከኣ ክሓቁፍ ይግባእ።

1. ንሽወደን ምምጻእ
2. ኣብ ሽወደን ምንባር
3. ነብስኻ ምኽኣልን ዉልቃዊ ምዕባለ ኣብ ሽወደን ምርግጋጽን
4. ዉልቃዊ መሰላትን ግቡኣትን
5. ስድራ ሙቛምን ምስ ዉላድካ ኣብ ሽወደን ምንባርን
6. ኣብ ሽወደን ጽልዋ ምግባር
7. ኣብ ሽወደን ጥዕናኻ ምክንኻን
8. ኣብ ሽወደን ምእራግ

## ኣባይቲ

እቶም ኣብ ምምሕዳርና ዝተመደቡ ሰባት፡ ንዕኦም እኹዊንዩ ዝበሃል ቤት፡ ካብቶም ኣብ ምምሕዳርና ዝርከቡ ኣካረይቲ ኣባይቲ ቤት ይወሃቦ። ኣወሃሃዲ ናይ ምልላይ ቀጻሊ ርክብ ምስ ኣካረይቲ፡ ነጻ ክራይ ገዛ ከዉሕስ ይገብር። እቲ ነቲ ቤት ዝካረዮ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ብሽሙ ዉዕል ክራይ ገዛ ይፍርም፡ ኮይኑ ግን ኣብቲ ናይ መጀመርያ ሹድሽተ ኣዋርሕ፡ ምምሕዳር ከም ዋሕስ ኮይኑ ምስ ዋና ገዛ ዉዕል ይኣቱ እዩ።

## ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደንን ካልእ ትምህርቲ ንዓበይቲን

ናይ ቛንቛ ሽወደን ንወጻእተኛታት SFI ዕድል፡ እቲ ወጻእተኛ ናይ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ሽወደን ምስ ረኸበ ይወሃቦ። ኣብ ትሕቲ ሙህሮ ንዓበይቲ ዝብል ኣምር ምምሕዳርና፡ ንዓበይቲ 20 ዓመት ካብ ዝመልኡ ንላዕሊ ናይ ትምህርቲ ንዓበይቲ ዕድል ንኽፍተሎም። ሓደ ሓደ ግዜ ንመንእሰያት ልዕሊ 16 ዓመት'ዉን እዚ ሕቶ ትምህርቲ ንዓበይቲ ክምልከቶም ዝኽእለሉ ኩነታት ኣሎ፡ እዚ ኸኣ፡ እንተድኣ ኣለዩ ናይ መደብ መላለዩ ኣድላዬ ኮይኑ ረኺብዎን እቲ መንእሰይ ድልየቱ እንተኾይኑን፡ ምስ ናይ ካልኣይ ደረጃ መንገዲ ትምህርቲ ኣማኻሪ ብምምኻር፡ እቲ መንእሰይ ኣብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ክጅምር ኣድላዩ ኮይኑ ክርከብ ይኽእል ማለት እዩ። እቲ ናይ ትምህርቲ ሰዓታት 21 — 35 ሰዓታት ኣብ ሰሙን እዩ። እቲ ትምህርቲ ብክለሰ ሓሳብን ግብራዊ ናይ ቋንቋ ልምምድን ዝቖመ እዩ። እቲ ግብራዊ ናይ ቋንቋ ልምምድ ኣብ ዓንከል ምምሕዳር ኣቨስታ ኮይኑ፡ ብምትሕብባር ናይ ዝተፈላለያ ኣብያተ ስራሕን ግላዊ ኣስራሕትን እዩ እቲ ዕድል ዝወሃብ።

ናይቶም ኣብ ምምሕዳርና ዝተመደቡ ሰባት ንትምህርቶም ዝኸዉን ወጻኢታት ዝምዉሎን ዝዉጥነኖን፡ ክፍሊ ምጽንባር ምስ ሕብረተሰብ ኮይኑ፡ ናይ ትምህርቲ ቦታታት ንዓበይቲ ኣብ SFI ትምህርቲ ቛንቛ ሽወደን ንወጻእተኛታት እንተበዝሐ ናይ 1000 ሰዓታት ንሓደ ሰብ ቦታ ይዕድግ። እዚ ሰዓታት እዚ ብክለሰ ሓሳብን ግብሪን ዝቖመ እዩ። ኣብ ፍሉይ ኩነታት፡ ናይ SFI ትምህርቲ ቛንቛ ሽወደን ንወጻእተኛታት ኣድላይነቱ ተራእዩ ዝያዳ ሰዓታት ይዉሰኽ እዩ፡ እዚ ግን ንመሃይምነት ዘየጥፍኡ ጥራይ ይምልከት።

## ክንክን ህጻናት

ኣብ ምምሕዳር ዝተመደቡ ህጻናት፡ ልክዕ ብመሰረት ኣካይዳን መሰልን ከምቶም ካልኦት ነበርቲ ምምሕዳር፡ ናይ ክንክን ህጻናት መሰል ኣለዎም።

## መባእታ ትምህርቲ

ኣብ ትምህርቲ ናይ ምኻድ ግዴታ ዕድመ ዘለዉ ህጻናት፡ ካብታ ምምሕዳር ዝተቐበሎም ዕለት ኣትሒዙ ኣብ መባእታ ትምህርቲ ይምዝገቡ። እቲ ህጻን ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ትምህርቲ ንኽጀምር፡ ናይ ወለዲ ንጡፍ ተሳታፍነት የድሊ። እቲ ኣገዳሲ ስጉምቲን ተበግሶን እምበኣር፡ ናይቲ ህጻን ናይ መባእታ ትምህርቲ ናይ ምጅማር መደብ፡ ብርክብ ናይ ዝምልከቶም ወለዲን ዉላዶምን፡ ኣላዩ ምዉህሃድን ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትን ዝርከብዎ ኣኼባ እዩ ዝጅመር።
ቤት ትምህርቲ፡ ዝከኣል እንተድኣ ኮይኑ ቛንቛ ናይቲ ህጻን ዝዛረብ ደጋፊ መጽናዕቲ ክህልዎን ከም ኣድላይነቱ ተርጓማይ ክጥቀምን ኣለዎ።
እቲ ህጻን ንመጀመርያ መዓልቲ ናብቲ ትምህርቲ ክመጽእ እንከሎ፡ ምስ ርእሰ መምሃራን፡ ዝምልከቶም መምሃራንን ናይ ቤት ትምህርቲ ኣላዩ ክንክን ጥዕናን ርክብ ይገብር።

## ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

ኣብ ክሊ ዕድመ 16-20 ዓመት ዝርከቡ ሓደሽቲ ምጻኣት መንእሰያት፡ ኣብ ናይ መንእሰያት ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ወይ ከም ካልኣይ ኣማራጺ ቤት ትምህርቲ ንእኹላት SFI ትምህርቲ ቛንቛ ሽወደን ንወጻእተኛታት ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎም።
ነቲ መንእሰይ እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ከምዘድልዮ፡ ማለት ናይ ትምህርቲ ደረጅኡን ድሕረ ባይታኡን ኣብ ግምት ብምእታዉ መደብ ንምስራዕ፡ እቲ መንእሰይ፡ ኣላዩ መደብ መላለዩ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣማኻሪ ትምህርትን መጽናዕትን፡ ናይ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣማኻሪ ተመሃሮን ኣኼባ ብምግባር ይመያየጡ። እቲ መንእሰይ ትሕቲ 18 ዓመት ዕድመ ምስ ዝህልዎ፡ ወለዲ'ዉን ኣብቲ ኣኼባ ይመጹ።

## ክንክን ጥዕናን ምእላይ ሕማምን

መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ስደተኛታትን ካልኦት ወጻእተኛታትን፡ ኣብቲ ሓፈሻዊ ዋሕስነት ክንክን ጥዕና እቱዋት እዮም። እዚ ማለት ኣብ ክንክን ጥዕናን ምእላይ ሕማምን፡ ከምኡዉን ክንክን ሕማም ስኒን፡ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ነባሮ ምምሕዳር ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።

## ክንክንን ሓልዮትን

ስደተኛታትን ካልኦት ወጻእተኛታትን፡ ብሕጊ መሰረት፡ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ነባሮ ምምሕዳር፡ በቲ ምምሕዳር ዝግበር ክንክንን ሓልዮትን ንተቐማጦ ምምሕዳሩ፡ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።
ነዚ ንምግባር ምምሕዳር ዘዉጽኦ ወጻኢታት ካብ መንግስቲ ብመሰረት § 17-19 ኣብ መምርሒ 1990-927 ምኽባል ስደተኛታትን ካልእን፡ ክወሃቦ መሰል ኣለዎ።

## ንምጽንባር ዘቐላጥፉ ስጉምቲታት

ቤት ጽሕፈት ምቓም ቅርጻ፡ ዓመታዊ ኣብ ምጽንባርን ምዉሃሃድን ኣስተዋጽኦ ንዝገብሩ ስራሓት ቁጠባዊ ባጀት ይሰልዕ። እዚ ባጀት'ዚ ኽኣ ንፍሉያት ነዚ ዕላማ'ዚ ዝወ'ቅዑ ስራሓት መመወሊ ይኽዉን። ንምጽንባር ዘቀላጥፉን ዘተባብዑን ስጉምትታት ዕላምኦም ንኽወ'ቅዑ፡ ንጹር ዕላማን ሜላ ኣካይድኡን ንጹር ብዝኾነ ኣገባብ ይዉጠን።

## ስራሕን ነብስኻ ምኽኣልን

### ዕላማ

- ንጥፈታት ምምሕዳር፡ ብንጹርን ቅሉዕን ኣካይዳ ብዙሕነት ሕብረ ሕብረተሰባዊን ናይ ዝተፈላለዩ ደቂ ሰባት ናይ ህይወት ተመክሮን ድሕረባይታን፡ ብዙሕነት ናይ ዝተፈላለየ ባህልታት ዘንጸባርቐሉ ሕብረተሰብን ንክኸይድ

## ኣካይዳ

ምምሕዳር ኣብ ኣባላት ሰራሕተኛታቱ፡ ንኣብ ካልእ ሃገር ዝተወልዱ ተቐማጦኡ ከም ቁጽሮም ብዘንጸባርቕ መንገዲ ከሳትፍ።
ምምሕዳር፡ ንካልኦት መንግስታዉያን ትካላት፡ ብሕታዉያን ትካላትን ማሕበራትን፡ ኣብ ወጻእተኛታት ዘሎ ናይ ትምህርትን ተመኩሮን ዓቕሚታት ክጥቀሞሉን ኣብ ረብሓኦን ከዉዕላኦን ይመክር፡ ነዚኣቶም ትምህርቲ ኮነ ናይ ልምምድ ስራሕ ዕድል ንክኸፍታ ድማ ይምሕጸን።

## ኣገደስቲ መሻርኽቲ

ኩሎም ናይ ምምሕዳር ጽፍሕታት፡ ወነንቲ ኣባይቲ፡ ማሕበራት፡ ብሕታዉያን ትካላትን መራኸቢ ስራሕ ቤት ጽሕፈትን።

## ገለ ገለ ኣብነት ንጥፈታት

ናይ ቛንቛ፡ ናይ ሞያ ልምምድ፡ ናይ ሞያ ትምህርትን ዕድል ምኽፋት፡
ዓቕሚ፡ ደረጃ ትምህርቲ፡ ብ'ቕዓትን ፍሉይ ክእለትን ተመኩሮን ናይ ተሳተፍቲ ንምግምጋም፡ ቅድሚ ናይ ምልላይ መደብ ምስርዑ፡ ብምትሕብባር ቤት ጽሕፈት መራኸቢ ስራሕ ይካየድ፡

## ተሳታፍነትን ጽልዋን

### ዕላማ

- ምምሕዳር፡ ናይ ኩሎም ተቐማጦኡ መሰልን ንጡፍ ተሳታፍነት ኣብ ዲሞክራሲያዊ መስርሕን፡ ግሉጽን ኣሳታፊን ብዝኾነ ኣገባብ ኣብ ህዝባዉያን ትካላቱ ንክረኽቡ ይሰርሕን ይሕብሕብን።

## ስትራተጂታት

ምምሕዳር፡ ኣብ ምስ ኩሎም ምምሕዳራዊ ትካላቱ ዝግበር ርክብ ተገልጋሊ ተርጓማይ ምስ ዘድልዮ፡ ተርጓማይ ምቑጻር።
ጽሑፋዊ ሓበሬታታት መቶም ዓበይቲ ቋንቋታት ክምዝህሉ ይገብር።
ናይ ሓበሬታ ኅስጓሳት ንኣብ መንን ኩሎም ተቐማጦ ምምሕዳር ክህሉ ዝግብኦ ናይ ነንሕድሕድ ምርድዳእን ተጻዋርነትን መንፈስ ንክሰፍን ብዓቢ ቆላሕታ ይሰርሓሉ።

## ኣገደስቲ ባእታታት

ባይቶ ምምሕዳር፡ ናይ ትምህርቲ ማእከላትን ህዝባዉያን ማሕበራትን

## ናይ ንጥፈት ኣብነታት

ነቶም ኣብ ምርጫ ትሑት ተሳትፎ ዘርእዩ ተቐማጦ፡ ተሳትፎኦም ንምዕባይ ብንጥፈት ምስራሕ።

## ባህልን ነጻ ግዜን

### ዕላማ

- ኩሎም ተቐማጦ ምምሕዳር፡ ናይ ባህልን ነጻ ግዜን ንጥፈታቶም ከም ድልየቶም ንኽካይዱ ዕድል ምኽፋት።

### ስትራተጂታት

ኣብ ናይ ምምሕዳር ባህላዊን ነጻ ግዜን ንጥፈታትን ኣሰራርሓን፡ መሰልን ማዕርነትን ናይ ተቐማጦኡ ብዘኽብር መንገዲ ምስራሕ።
ኣብ ንዉህደት ዝምልከቱ ሕቶታት፡ ከም ዓሌትነት፡ ተነጽሮን ቅርሕንቲን ኣንጻር ወጻእተኛታት ዘወግድን መሰል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምስታፍ ኣብ ጽፍሕታት ኣሰራርሓ ባህልን ነጻ ግዜን ንተሳፍነተን ምምሕዳር ኣቨስታ ብሓይሊ ይሰርሕ።
ኩሉ ማሕበራዊ ስራሓት፡ ንዉህደት ቀዳምነት ምሃብን ኣንጻር ምስዋር ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ወጻእተኛታት ምስራሕን፡ ናይ ሓድሕድ ተጻዋርነትን ምርድዳእን ንምትራርን ምስፋንን ኣብ ስርሐን እቱዉ ክኾዉን።

### ኣገደስቲ ባእታታት

ባይቶ ምቛም ቅርጻ፡ ክፍለሊ ግምገማ ዉጽኢት ባህልን ነጻ ግዜን ከምኡዉን ህዝባዉያን ማሕበራት።

### ናይ ንጥፈት ኣብነታት

ነቲ ብምምሕዳር ንማሕበራት ንምብርታዕ ምጽንባር ሓደስቲ ምጻኣትን ተሳትፎኦም ኣብ ሕብረተሰብ ምሕያልን ተባሂሉ ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ፡ ኣብ መዓላኡ ይዉዕል ምህላዉ ምቁጽጻር።
ምሕያልን ምብርባርን ጾታዊ ማዕርነት።

### ምዉህሃድ፡ ምትሕብባርን ኣብ ግብሪ ምዉዓልን

ስራሕ ናይ ምዉህሃድ መደብ፡ ምሕብሓብ፡ ምምሕያሽን ምምዕባልን ኣብ ግብሪ ምዉዓልን ሓላፍነት ናይ ባይቶ ምቛም ቅርጻ እዩ።
ስራሕ ንዉህደት፡ ብወለንታ ዝስራሕ ስራሕን ኣስተዋጽኦን ኣይኮነን። ዕዉት ናይ ዉህደት ስራሕ ናይ ሓደሽቲ ምጻኣት ንኽርከብ፡ ህርኩት ተሳታፍነት ስራሕን ብዓቢኡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ምምሕዳር ኣቨስታ የድሊ።
ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ረቛሒታት ዝኾነ ኣሰራርሓ ጨንፈር ዉህደት፡ ንዝተፈላለዩ ኣገባባት ኣሰራርሓ ምስ መሻርኽቶም ምሕብሓብን ምምዕባልን ኣብ መንጎኦም ጽቡቕ ርክብን ምትሕብባርን ምፍጣር ኮይኑ፡ ንሓደስቲ ዜጋትት ምምሕዳር ኣቨስታ ኣቃላሊ ግደ ይህልዎ።

ኣብዚ ኩነታት እዚ፡ ኩሉ ኣባል ባኢቶን ቤት ምኽሪን ምምሕዳር ኣቨስታ ሓላፍነቱ ክስከምን ብንጡፍ ንስለ ዉህደት ክሰርሕን ይግባእ።

ናይ ሓበሬታ ምዝርጋሕ ኣሰራርሓና ንምቕያር ባህሪ፡ ኣፍልጦ ብዛዕባ ሕቶ ስደተኛታትን ወጻእተኛታትን ንምሕያል ኣንጻር  ዓሌትነትን ምንጻል ወጻእተኛታትን ምስራሕ ክንቅጽሎ ኣገዳሲ እዩ።
እዚ ንምግባር ንተቐማጦ ምምሕዳርና ሓበሬታ ብምዝርጋሕ የኸዉን። ምስታፍ ኣብ ብህዝባዉያን ማሕበራት ወጻእተኛታትን ዉድባትን ኣብ ዝግበር ንጥፋታት እቲ ናይ ምዉህሃድ  ኣሃዱ ብተገዳስነት ክሳተፍ።

### ምክትታልን ምግምጋምን

ንናይ ምዉህሃድ ስራሕ ምክትታልን ምግምጋምን ዓመታዊ ልክዕ ከምቲ ካላኢ ንጥፈታት ቤት ምኽሪ ምቛም ቅርጻ ዘሰላስሎ፡ ዓመታዊ ይግምገምን መክትታል ይግበረሉን።